"ሕማቕ ጓሳ ብበትሩ ይውቃዕ"

ህግደፋውያን ሻዲኖም፡ ኣብ ልዕለና ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ሸይኖም። ንሕና እቶም ህዝቢ ድማ፡ እንተገረፍናኩም፣ እንተጠመኹም እንተጸማእኩም፣ እንተዓረቕኩም እንተሓመምኩም፣ እንተተጸረፍኹም እንተተኸላበትኩም፣ እንተተጨልገምኩም እንተተቐጥቀጥኩም፣ እንተተጨወኹም እንተተኣሰርኹም፣ በብዓይነቱ ስቅይታዊ መግረፍቲ እንተተፈጸመኩም፣መሰለይ ክብረተይ፡ ሰላም ደሞክራሲ፡ ሕጊ ፍትሒ፡ ኣይትበሉ ተጸመሙ ትም ሕትም በሉ ኢሎምና። እንተ ብውነ እንተብፍርሒ ዝተበሃልናዮ ተቐቢልና ፍርቂ ስጋና ተቐሪጹ እናተወስደ፡ ሰብኣውነትና እናተዋረደ እናተቐንጠጠ፡ ምስ ምጽማም ተላሚድና ትም ሕትም ክንብል ፈቒድና።

"በትሪ ኣብ ኢድካ ተመን ኣብ እግርኻ" ከም ዝበሃል እታ ሃገር ናትና፡ እቲ ፖለቲካዊ ስልጣን ናትና፡ ዝተረረ ክልጽም ምሳና፡ መህረሚ በትሪ ኣብ ኢድና ክንሱ፡ "ሕማቕ ጓሳ ብበትሩ ይውልቃዕ" ከም ዝተባህለ ነገራት ተዘሪጉና ባዕልና ንባዕልና ንዋረድ ነብስና ድማ ንገርፍ ኣለና። ቅድሚ 1991 ዝነበረ መድረኽ ሕማቕ እናረኣና እናሰማዕና፡ ክሳብ'ውን እናተበደልና ልቢ ኣዕቢና "ምእንቲ መንነ ትሕለፍ ኣንጭዋ" ከም ዝተባህለ መሰረታውን ዘይመሰረታውን ቀዳማይን ካልኣይን ሰሪዕና ምጽማምና ምኽንያታዊ ክኸውን ይኽእል። ካብ ዓፈናን ጭፍጨፋን፣ ካብ ድሕረትን ድኽነትን ምሉእ ንምሉእ ክንናገፍ፡ ኣብ ሃገርና ኣድልዎ ዘይብሉ ማሕበራዊ ፍትሒ ክነግስ፡ ተኣኪብና ተዛቲና ናትና ኢልና ንተኣማመነሉ ህዝባዊ ሃገራዊ ቅዋም ኣጽዲቕና ብኡ ብኡን ጥራሕ ክንመሓደር ተመኒናን ከቢድ ዋጋ ከፊልናን ኣብ 1991 ንወተሃደራዊ ስርዓት ደርግ ካብ መሬትና ነቒልና ኣብ 1993 ድማ ኣብ ቅድሚ ደላዪ ሰላም ማሕበረ-ሰብ ዓለም ረፈረንዶም ኣካይድና ከም ሃገር ሕጋውነት ለቢስና ክንስና፡ መሬታዊ ልኡላውነት ሓቒፉና ህዝባዊ ልኡላውነት ክንሕረም መስሓቕ ሸራፋት'ዩ።

ትዕግስቲ ማለትኮ ስነ-ኣእምሮኣዊ ልምሰት ማለት ኣይኮነን። ትዕግስቲ ቦታ ኣለዎ። ጭቡጥ ምኽንያት ኣለዎ። ደረት ድማ ኣለዎ። ቦታ ምኽንያት ደረት ዘይብሉ፡ በዳሊ ተዓገስ ተጸመም ስለዝበለካ፡ ንሱ ተገልቢጡ ሕተተኒ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ኣቕሪብካ ተፋረደኒ ክሳብ ዝብለካ ንኹሉ ኣደራዕ ተጸዊርካ ትም ሕትም ኢልካ ትጽብ ማለት ኣይኮነን። ውጹዕ ህዝቢ ኤርትራ ኮነ ውድባት ኤርትራ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ 27 ዓመታት ዘርኣይዎ ስቕታ ናይ ጥፖለቲካዊ ጥዕና ዘለዎ ኣይኮነን። ዜጋታት ብዘይፈልጥዎ ምኽንያት ካብ ኣብያተ ዕዮኦም፣ ካብ መኣዲ ትምህርቶም፣ ካብ ኣብያተ ጸሎቶም፣ ካብ ማሕረሶም፡ ካብ ድቃሶም፣ ካብ ዳስ ሓጎሶም ኮነ ሓዘኖም፡ ብሃንደበት ብዕሱባት ኣባላት ጸጥታ ብበትሪ እናተደሰቑ እንክውሰዱ፣ ስድራ ኣላዪ ኣማሓዳሪ ስኢና ክትብተን፡ ህጻናት ኣልቦ ሓብሓቢ ዓዲ ውዒል ኣልቦ ጠዋሪ እንክተርፉ እናረኣየ እናሰምዐ እረ ንእከለ ከም'ዚ ገይረሞ ወሲደሞ እናበልካ፡ ኣብ ክንዲ ተኣኪብካ ዓገብ፡ ንሱ ንሳ ባዕላ ትፈልጥ ኣባይ ኣይብጻሕ ልሙስ ኣተሓሳስባ ነጊሱ። ክሳብ ኣባል ስድራ ቤትካ ኣካለ ጎደሎ ኮይኑ እንተመጽኣካ ወይ ረሳኡ እንተረኺብካ ከም ዕድል ዝወሰደሉ ተስፋ ዝቖረጸ ምስ ሕመቕ ዝተላመደ ሕልና ሳዕሪሩ። ሕማቕ ጓሳ ብበትሩ ይውቃዕ ዝበሃል 'ምበር ከም'ዚ ምስ ኣጋጠመ'ዩ።

ፖለቲካዊ ንቕሓቱ ዘይጎልበት፡ ሕብረት ዘይብሉ፡ ብግዝያዊ ስምዒታዊ ረስኒ ዝምራሕ ህዝቢ፡ ምስ ዘይመባእስቱ ክበኣስ፡ ጸላእቱ ሓንጊሩ ክኸይድ፡ ንቡር ገዲፉ ኣብ ዘይንቡር እፎይ ኢሉ ክነብር ጸገም የብሉን። ምኽንያቱ ደረጃ ንቕሓቱ ዝሃቦ ፖለቲካዊ ሃብቲ ንሱን ንሱን ጥራሕ ስለዝኾነ። ምስ ቀታሊኡ ጉጅለ ህግደፍ ዝደናገጽ፡ ንመሳኪን ወገናቱ ዝጸልእ ዝጽየን ብሃይማኖት ዝፈላሊ፡ ብኣውራጃ ገዱ/ገጻ ኣይተርእየኒ ኢሉ ሕቖኡ ሂቡ ዝኸይድ፡ መውሰቦ ምስ ወደብይ ኣውራጃ ዘጻሪ ብርግጽ ፖለቲካዊ ጥዕና ዝጎደሎ'ዩ። እዚ ኣተሓሳስባ'ዚ ፍርያት ህግደፍ'ዩ። ህዝቢ ከም ህዝቢ ካብ ናይ ድሕረት ድቃሱ ተበራቢሩ፡ ዘይጸዓድ ዓርሞሾሻዊ ሓይሉ ተጠቒሙ ከይገጥሞን ከይስዕሮን ኸላ ከም ዝዘንበያ ኣደ ጨቓዊት ደርሆ ህግደፍ በብሓደ ሰባት እንክወስድ፡ ናይ ራዕዲ ሕልና ዝተላበሰ ሕሜታን ደኒንካ ምብካይን ከም ባህሊ ተወሲዱ። ማእሰርትን ሞትን

*ዘይጻሒ ተግባር ኮይኑ። ዝተወደበ ትርር ዝበለ ተቓውሞ ዝሰኣነ ጉጅለ ህግደፍ ድማ ኅብለልነት ተሰሚዕዎ ኣብ ልዕሊ ህይወት ሰባትን ንብረቶምን ደስ ዝበሎ ስጉምቲ ክወስድ ሕጋዊ ተሓታትነት ዘየሰክፎ ገበራይ ሓዳጋይ ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ።*

*ተወዲቦም ኣንጻሩ ዝቃለሱ ዘለው ፖለቲካዊ ውድባት ነብሶም ክከላኸሉ ኣይረኣዩን። ካብ'ቲ  ዘይተወደበ ሓፋሽ ዘይፍለ ክሳብ ኣብ ካልኦት ልኡላውያን ሃገራት ከይዱ ተጋደልቲ ክጨዊ፡ ክቕትል እንከሎ ግብረ መልሲ ኣይህቡን።  ደኒኖም ክበኽዩ ናብ መን ብዘይፍለጥ ከም'ዚ ኣጋጢሙ ዝብል ዜና መርድእ ኣብ ምቅላሕን መግለጺ ምውጻእን ተደሪቶም ይርከቡ። እንታይ ኮይኖም ንቅሉዓት ኮነ ስውራት ኣባላት ህግደፍ ኣብ ዝኾነ ቦታን ሃገርን ዘይጭልግሙ፡ ዘይፈግኡ፡ ዘይቐትሉ? ኣዝዩ ዘተሓሳስብ ጉዳይ'ዩ። ህግደፍ'ኮ ጸላኢ'ዩ። ህዝቢ ናይ ምፍልላይ፡ ምርዓድ፡ ኣባላት ፖለቲካዊ ውድባት ንምጭዋይ ንምቕታል ዕማም ተዋሂብዎም ዝወፍሩ ሰባት ድማ ጸላእቲ'ዮም። እዚ ህግደፍን ህግደፋውያንን ብፕሮፖጋንዳ ዝነዝሕዎ ዘለውን ብተግባር ዝፍጽምዎ ዘለውን ተራ ናይ ርእይቶ ፍልልይ ኣይኮነን። ክሳብ ንደቂ እከለን ኣመንቲ እከለን ፈሊኹም ህረምዎም ዝብል መምርሒ ሂቡ ዝልእኽ፡ ነዚ ድማ ተቐቢሉ ዝትግብር እንተኾይኑ፡ ኣበይ ብዘየገድስ ከይቀደመካ ምቕዳም ፍቱን መድሓኒቱ'ዩ።*

*ብኤምባሲታትን ማሕበረ-ኮማትን ሽፋን ተወዳዲቦም ኣንጻርና'ዮም ንዝብልዎም ሰባት ንምጽላም፡ ንምህዳድ፡ ኣካል ንምጉዳል፡ ንምጭዋይ፡ ንምቕታል፡ ንብረቶም ንምዝራፍ ንምዕናው ዘርእይዎ ዘለው ወስታ፡ ብምቁዛም፣ ብምስትንታን፣ ብድቁስካ ኣስናንካ ብምሕርቃም፣ ክሳብ ትጸንት ምጽማም ዘይኮነ፡ ቀጥታዊ ግብረ መልሲ ክወሃብ ኣለዎ። ምስ ምሉእ ሓይልኻ እናሃለኻ* 27 *ዓመት ምሉእ ዝተሓልፈ ስቓይ ደረት ክግበረሉ ይግባእ። ሎሚ ህግደፍን ህግደፋውያንን ዝሕብኡሉ፡ ዝሃድምሉ፡ ኣብ ሕጊ ቀሪቦም ዝሕተትሉ መድረኽ 'ምበር፡ ህዝብን ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጥን ዝሸቑረርሉ ኣይኮነን። ብምኽንያት ዕለተ ነጻነት* 24 *ግንቦት፡ ብ* 3 *ሰነ* 2018 *ኣብ ሃገረ እስራኤል ብኤምባሲ ጉጅለ ህግደፍ ዝተመርሐ ናይ ጥፍኣት ወፍርን  ኣንጻር ህግደፍ ዝኾኑ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ'ታ ሃገርን ዘጋጠመ ባእስን ዝወረደ ጉድኣትን ናይ ቀረባ ኣብነት'ዩ።*

*ጉጅለ ህግደፍ  ክሳብ ከባቢ ፈልዩ ደቂ እከለ ከባቢ እንተኾይኖም ቅተልዎም ዝብል መምርሒ ሂቡ ዘዋፈሮም ዕሱባቱ ተልእኾኦም ብተግባር ክትርጉሙ ቀኒዮም ኣለው።  ነዚ መድሓኒቱ ከኣ ወዳን ጓላን ክሳብ ትፈሊ ፊት ንፊት ምግጣም'ዩ። ኣብ ሓደ ቦታ ኣብ ሃገረ እስራኤል ጥራሕ ዘይኮነ ኣብ ኩሉ ቦታን ሃገርን ብሓድሽ መንፈስ፡ ብሓድሽ ወነ፡ ብሕብረት ኣብ ህዝቢ ዝተጸፍዩ መጋበርያታት ክቃልዑ፡ ደም ንጹሃት ከፍስሱ ዝወፈሩ ገበነኛታት ከኣ ደሞም ክፈስስ ኣለዎ። ምኽንያቱ ሰላምን ንሰላም ዝኸፈል ትዕግስትን ጽቡቕን ብመትከል ዝድገፍን 'ኳ እንተኾነ ዘይሰምዕ ቀታሊ ኣብ ዘለወሉ ብሓደ ኢድካ ምጥቓዕ ስለዘይከኣል፡ ብተግባር ብክልተ ኢድካ ግብረ መልሲ ምሃብ መተካእታ ኣልቦ ምርጫ ክኸውን ይግባእ። ከምቲ ዝጸናሕናዮ ክንቅጽል እንተደኣ መሪጽና ግን፡ ሕማቕ ጓሳ ብበትሩ ይውቃዕ ስለ ዝኾነ፡ ንነብስና ምበር ንካልእ ክንከስስ ኣየምሕረልናን'ዩ።*

*ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡* 13-06-2018